ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

# መግለጺ ኩናኔ

## ብምክኒያት ግዳያት ኤርትራውያን ኣብ ማእከል ሃገር !

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ንሕሱም ተግባር ግፍዒ ግበታዊ ስርዓት ኣብ ኤርትራ ዝፈጾሞን ገና እውን ዝፍጽሞ ዘሎ ኣነዋሪ ተግባራት መቀጻልታ ናይ ስሪሒት ፎርቶ ፡ መእሰርቲ ሓጂ ሙሳ ፡ሰውራ ኣኽሪያን፡ ምሕፋስ ቀልዑ ኣኽርያን ፡ቅንጸላ ናይ ኩቡር ኣቦና ሓጂ ሙሳ፡ኢብራሂም የኑስ ፡መእሰይ ሲዒድ ወዘተ... ኣብዘን ሕሉፋት ኣዋርሕ እውን; **ምእሳር ናይ ኣቕሽሽቲ ናይ ተዋህዶን ካብ ገዳማት ፡ ምምንጣል ሃይማኖታውያን ኣብያተ ትምህርትታትን ፡ ናይ ሓሶት ዘምተ ኣንጻር ሕዩር መራሒ ሃይማኖት (ጳጳስ) ፡ናይ ኮቶሊክ መራሕቲ እምነት ምምዝባል፡ ምምንዛዕን ምኽልካል ጸሎት ቦታትን ሕክምናዊ (ክሊኒካትን ኣብያተ ትምህርትን) ምእሳርን ፡ንናይ ፕሮቲስታትን ኣመንቲ ምኽልካል ቦታ እምነቶም፡ ምስቓይን ፡ንኣመንቲ ምስልምና መሻኢኽን ምቕንጻልን ምእሳርን ወዘተ** ... በብወገናቶም ዝኾኑ መራሕትን ኣመንቲ ሃይማኖታት ካዳርትን ቀተልትን ብምጥቓም ኣብቲ ሃይማኖታት ኢድ ኣእታውነት ጥራይ ዘይኮነስ ተወዲቦም መሰሎም ከይመልሱ ብምዕላም ዘይካይዶ ዝጸንሓን ዘሎን ኮይኑ ሕጂ እውን ትማል ኣብ **ኣውራጃ ሰራየ መንደፈራን ከባቢኣን ከሙእውን ዓዲ ኳላን ከባቢኣን ክሳብ መራጉዝን ቆሓይንን ዝቐጸለ ፡ ኣብ ኣውራጃ ሰምሃር ኣብ ጊዳዕን ከባቢኣን፡ ኣብ ሰንሒት እውን ከረንን ሓጋዝን ዝላሓመን ኣብ ጋሽን ሰቲትን ናቕፋን ዓሰብን ኣብ ብዓል ደቀምሓረን ሰገነይትን ፡** ዝካየድ ዘሎ ንልዕሊ ክልተ ቅነ ዝቕጸለ ሃይማኖታዊ ክልከላ ዝመስል ግን ከኣ ምብራስ ኣህዛብ ዝሕልገቱ ከይዱ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ኣመንቲ መንእሰያት፡ወለዲ፡ደቂ ኣንስትዮን ቆልዑትን ዝርከብዎም ብንጹር ቁጽሮም ዘይተፈልጡ ዝኮኑ ነበርቲ እዘን ዝተቐሳ ቁሸታትን ከተማታትን ዝፈጸሞን ገና ዝቕጽሎ ዘሎን ኢ-ሰብኣዊ ዝኾነ ከይትልለ ገጽካ ማስኬራ ጌርካ ብጸላም ለይቲ መጭወይቲ መእሰርትን ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ክንታተሎ ድሕሪ ምጽናሕ ነቲ ተግባር ብትሪ ንኹንን ።

እዚ ናይ ትማል ወፍሪ ኣብ መስጊድ ኣስተምህሮ ከይትገብሩ ፡ ከይትቐርኡን ፡ ኣብ መዓልቲ ጅምዓት እውን ኹጥባ (ናይ ዓርቢ ቡራኬ ከይትህቡ ) ዝብል መቀጻልታ እኩይ ተግባር ናይ ገባቲ ስርዓት መንቀሊኡ ርዱእ ዝኾነ ንጥፋኣት ንምጽናት ኤርትራውያን ዝነቀለ ሃገራዊ ባርነት ብዝገበርዎ ግፍዒ ዓገብ ከይብል ከይላዓልን ንምድሃል ዝዓለመ እዩ። ዘራጊ እንከሎ ጹሩይ ማይ.... ስርዓት ህግደፍ ዋላ'ኳ ፈለማ እውን ብጭቆና፡ ንምጽናት ህዝቢ ኤርትራ ዝዓበየ ሙኳኑ ርዱእ እንተኾነ ድሕሪዚ ኩነተ ሰላም ምስ ሃገረ ኢትዮጵያ ግን ፍልይ ዝብል ተርእዮ እዩ ጀሚሩ ንሱ ድማ ድሕሪ ዳግማይ ጥልመት ናብ ህዝቢ ዛኣተዎ መብጻዓታቱ ህዝቢ ኤርትራ ኣይፋል ፡ይኣክል ኢሉ ብምንቃሉ ብደገን ብውሽጥን እንተላይ ካብ መሳርዓቱ ተቓውሞ ኣብ ዝሓየለሉ እዋን እቲ ግበታ ኣብ ማእከል ዓዲ ዓለም እንዳተዓዘበቶ ከምዚ ዓይነት ኢ-ሰባኣዊ ተግባር ክፍጸም ይረኤ ኣሎ ፡ጎኑ ጎኑ ድማ ብፍላይ ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ህዝቢ ምስ ህዝቢ ሃይማኖት ምስ ሃይማኖትን ኣውራጃውነትን ንሸናቑት ብኹሉ ኣብ መዳይ ክሳብ ክንደይ ይህንደድ ምህላዉ ራዩለይ ዘድልዮ ኣይኮነን ።

ስለዝኾነ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ነዚ ንምጽናት ህዛብታት ኤርትራ እንዳ-ገበለ ዝኸይድ ዘሎ ተግባራት ናይ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብዘይ ውዓል ሕደር ንምቁጻይ ከምቲ ድሮ እውን ዝሬኤን ዝምዕብልን ዘሎ ምንቅስቓሳት ኣንጻር ገባቲ ስርዓት፡ኣብ ኩሉ ቦታን ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ተረዲኡ ኣንጻር እዚ ተግባርዚ ክሰለፍ እዳጸዋዕና **፡ንህዚ ኤርትራ በዚ እኩይ ብሮፖጋንዳ ናይ ምፍልላይ ሃይማኖትን ከይተተንከፈ ሓድነቱ ጠሚሩ ሃይማኖቱ ኣጽኒዑ ብምሓዝ ካብ እኩይ ተግባር ናይዚ ስርዓት ብምሕላው ቃልሱ ክቕጽል ንጽውዕ፡ ነዞም ብዘይ ሓላፍነታውን ብ-ኢሰብኣውን ኣገባብ ኣብ መጭወይቲ መእሰርትን ቅትለት ዝተዋፈሩ ኣሳሳይቲ ናይቲ ግበታዊ ስርዓት እውን ውዒሎም ሓዲሮም ብሕጊ ተሓተቲ ከምዚኾኑ መልእኽትና እንዳሕለፍና ፡** ንግዳያት እዚ ተረክቦ ዝኾኑ ናይ ኩሉ ሃይማኖት ኣሕዋትና ኤርትራውያን ንቤተሰቦም ንኩሉ ደላይ ሓቅን ፍትሕትን ኤርትራዊ ድማ ክሳብ መወዳእታ ሰልፍኹም ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ኣብ ጎንኹም ምህላዋ ኣንዳረጋገጽና ፡ ንኹለን ናይ ዓለም ማሕበረሰባት ድማ ብፍላይ ናይ ሰባኣዊ መሰል ተጣበቕቲ ካልኦትን ነዚ ኣብ ርእሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝወርድ ዘሎ ኣደራዕ ብኹፉት ዓይኑ ክጥምቶን ደገፋቶም ክህቡናን ንምሕጸን ።

**ዓወት ንዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ !!**

**ክፍሊ ዜና ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

**21/11/2019**